

# ውሳነ


Ursula Nafula

Vusi Malindi


Daniel Berhane Habte

2

ትግርኛ ti




ኣብ ዓድና ብዙሕ ጸገማት ኔሩ። ማይ ካብ ሓንቲ ቡምባ ክንቀድሕ ነዊሕ መስርዕ ንገብር ኔርና።




ብኻልኦት ዝተወፈየ መግቢ ንጽበይ ኔርና።




ብምኽንያት ሰረቕቲ ኣባይትና ብኣግኡ ንስግጦ።



ብዙሓት ቆልዑ ካብ ትምህርቲ በኹሮም።




ንኣሸቱ ኣዋልድ ኣብ ካልእ ዓዲ ከደምቲ ኮይነን ሰርሓ።



ንኣሸቱ ኣወዳት ኣብ’ቲ ዓዲ ናብዝን ናብትን ዘወን ክብሉ ይውዕሉ ነበሩ ገሊኦም ድማ ኣብ ናይ ካልኦት ሰባት ሕርሻ ይሰርሑ ነበሩ።



ንፋስ ክነፍስ ከሎ፡ ወረቓቕቲ ጓሓፍ ኣብ ኣግራብን ሓጹራትን ይንጥልጠል።



ሰባት ብሸለልትነት ብዝተደርበዩ ስብርባር ጠራሙዝ ይጥብሑ ነበሩ።




ሸዑ ሓደ መዓልቲ፡ እታ ቡምባ ነቑጻ መትሓዚ ማይ ፊስቶታትና ጥራዩ ተረፈ።



ኣቦይ ካብ ገዛ ናብ ገዛ እናኸደ ኩሎም ሰባት ኣብ ናይ ዓዲ ኣኼባ ንኽሳተፉ ሓተቶም።



ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓቢ ኦም ተኣኪቡ ክሰምዕ ጀመረ።



ኣቦይ ሓፍ ኢሉ፡ “ጸገማትና ንምፍታሕ ብሓባር ክንሰርሕ ኣለና።” በለ።



ሸሞንተ ዓመት ዝዕድሚኡ ጁማ፡ ኣብ ጕንዲ ናይ’ቲ ገረብ ኮፍ ኢሉ፡ “ኣነ ኣብ ምጽራይ ክሕግዝ እኽእል እየ።” ኢሉ ጨደረ።



ሓንቲ ሰበይቲ፡ “ኣትን ኣንስቲ ንዕነ ሓቢርና እኽሊ ነብቍል።” በለት።



ካልእ ሰብኣይ ሓፍ ኢሉ፡ “ሰብኡት ዒላ ኽንኩዕት ኢና።” በለ።



ኩልና ብሓደ ድምጺ፡ “ህይወትና ኽንቅይር ኣለና።” ክንብል ጨደርና። ካብ’ታ መዓልቲ ኣትሒዝና ጸገማትና ንምፍታሕ ኩልና ብሓባር ሰራሕና።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ውሳነ


Ursula Nafula

Vusi Malindi

Daniel Berhane Habte


CC BY